# ንህጹጽ ኩነታት እተዳሎኻ ዲኻ?



**ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት ቤትካ ገዲፍካ ምኻድ ከድልየካ ስለዝኽእል፣ ድሉው ምዃን ኣገዳሲ እዩ።**

## ውጥን ኣውጽእ

- ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት ንስኻን እቶም ምሳኻ ሓቢሮም ዝነብሩን እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ምእንቲ ክትፈልጡ ውጥን ይሃሉኻ።
- ብፍላይ እኳ ህጻውንትን እንስሳ ዘቤትን እንተለዉኻ ካብ ቤትካ ከመይ ኣቢልካ ብደሓን ከምእትወጽእ ተለማመድ። ኣብ ቤትካ ዘሎ ነፍሲ ወከፍ ክፍልታት ከክልተ መውጽኢ ብምድላው ካብ ቤትካ ሃዲምካ እተምልጠሉ ውጥን ግበር።
- ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት ንስኻን እቶም ምሳኻ ሓቢሮም ዚነብሩን እትራኸብሉ ድሕሩን ቦታ ፈሊኻ ፍለጥ።
- ዝርዝር ህጹጽ ሓበሬታን ቁጽሪ ተሌፎንን ናይቶም ክትሕብሮም ዘሎካ ሰባትን፡ እንተላይ'ውን ኣብ ከባቢኻ ናይ ዘይነብሩ ሰባት ሓበሬታ ሓዝ።

## ሒዝካዮ እትኸይድ ቦርሳ ወይ ሳንጣ ኣዳሉ

ካብ ገዛኻ ምናልባት ብሃንደበት ምውጻእ ከድልየካ ስለዝኽእል፡ ምሳኻ ዝኸይድ ሳንጣ ኣዳሉ። እቲ ሒዝካዮ እትኸይድ ሳንጣ ፈኲስን ኣብ ኣብ ቀረባን ክኸዉን ይግባእ። ንኣብነት ከም፡ ዝሕንገጥ ሳንጣ ወይ ድማ ኮረር ዝብል ዘለዎ እግሪ ሳንጣ ክኸዉን ይኽእል። ኣብ ኣፍደገኻ ዘሎ መኽዘን ወይ ኣብ ዝቐርበ መውጽኢ ወይ ብቐሊሉ ኣብ እትረኽቦ ቦታ ኣቐምጦ።

### ሒዝካዮ እትኸይድ ሳንጣ ነዚ ዝስዕብ የጠቓልል፡

- ☐ ማይ(ንዝስተን ጽሬትን)
- ☐ ዘይበላሾ መግቢ
- ☐ ብኢድ እትሰርሕ ናይ ባትሪ ሬድዮ
- ☐ ባትሪታት
- ☐ ምስ ወቕቲ ዝኸይድ ክዳውንቲ
- ☐ እተኣዘዘልካ መድሃኒታት
- ☐ ገንዘብ(ሽሩፍን ዘይሽሩፍን)
- ☐ ተወሳኺ መፋትሕ ቤትን መካይንን
- ☐ መጽረዩ ኢድ (ሳኒታይዘር)
- ☐ መጻወቲ ካርታ ወይ ካልእ መጻወቲ
- ☐ ናይ ቴሌፎንካ ቻርጅ መግበርን ፓወር ባንክን
- ☐ ቅዳሕ ኣድላዩ ወረቓቕቲ (ንኣብነት፡ ፓስፖርት፡ ወረቓቕቲ ኢንሹራንስ)

**! ሳንጣኻ ንኣኻ ብዘልዩኻ ውልቃዊ ጠለባት መሰረት ኣዳልዎ። ዘቤታዊ እንስሳ እንተሎካ ድማ ንእኡ ዘድሊ ቀረባት ምጥርናፍ ኣይትረስዕ።**

Hamilton

**ንዝበለጸ ሓቤረታ፡**
**www.hamilton/emergency ርአ።**

STRONG for YOU